# ምበረኞት ደኾን

ምበረኞት ዶ ጸሓይና ቀንጢጣ ጸላም
ደበንገረ ቀንጢጣ ብርሃን ብምልማም
ጽልግልግ ድነ ወጊዳ ኳዕ ዶ ምበለት መሊኣ
በጽሒ ተዘይብጆው ንስሊኣ

ምረገጸ ዶ እግርና ደልዲሉ ምኸደ
ክሳድና ዶ መቑንዐ መንጉድና ዶ ምረጎደ
ክብሪ ዶ ምሃለወና ምዃንና ሰብ ሰብ ርስቲ
ደም እንተዘይዛሪ ተዘይንሕተት መስዋእቲ

ዕድመ ንእስነት ኣብ ጊዳጉድ ካናለ ተዘይበሊ
መዋእል ገሃነበ -ከውታ መከራ ዛ መሬት ክኣሊ
ሰዊት ለይለይ ተዘይሓልፍ ንስለ ዛ ሪም
ለይትና ዶ ምወግሐ በየን ገጽና ክንልውም

መስገደል ኣርዑት ባርነት ክምሑ
ወለዶታት ዛ ሓላል መታን ንሓወሩ ከስተርሑ
ኣካሉ ደምዩ ሩሑ እንተዘይ ምንን
ተስፋ ቅሳነት ምኾነ ደኾን ክዉን

ጸበባ መሊኹ ሞት እንተዘይርዕማ
ሕሰም ፈንፊኑ ምረት እንተዝሕሰማ
ናብ ረመጽ ጠኒኑ ሂወቱ ንክብሪ ተዘየቕድማ
ምበረኞት ዶ ጸሓይና ከምዓለማ

እቲ ዲርዲር ዝብል በጽሒ ተደጉፉ ምርኩስ
የዒንቲ ኣንጢቑ መሓውሩ ተዘይለምስ
ብሓጻውን ጅላዳት ኣካሉ እንተዘይማስን
ብርሃን ዶ ምጠመትና ባህግና ዶ ምኾነ ክዉን

ጥርዚ እንተዘይ ድይቦ በሊሕ መላጸ
ዕድመ ንእስነት በጃ ብርሃን ተዘይቁጸ
ራህዋ ሕጂ መስተርሆ ልዋም ዶ ምመጸ
ሹቕረራ ሃጢሙ ብቕሳነት ደኺን ምተረግጸ

ዓስቢ ከርተቱ ጻማ ጹረት ምረቱ
ሞሳ ስንክልንኡ ፍዳ መስዋእቱ
ውዕለት ውዕልኡ ከውታና ከብርቕ
ጸሓይ ዘልኣለምና ከቕትር ካብ ከውታ ድቕድቕ

ሳልኡ ሳላ እቲ ጅግና ዘበረቐት ጸሓይና
ሳላኣ ሳላ እታ ዋዕሮ ኣኽሊልና ዘደፋእና
ዘውድና  ዝፋንና ድባብና  ዲኖ ናጽነትና
ንሳ ንሱ እዮም  ሕላገት መንነትና
ብሳሎም እያ  በሪቓ  ጸሓይና  ወጊሑ ለትይና
ክብሪ ንኽቡራት ዓደልቲ ብርሃንና

ኣሸናፊ ኣብርሃም (ኣሼ)
ጀርመን ፍራንክፈርት
21/01/2017
ዓወት ንሓፋሽ